# 'መኸተ' እናበሉ ከከላብቱና!

ስደትናን ህልቂትናን ናይ ኩናት ዘመተ
መመከሒ ኮይኑ ኢሎሞ 'መኸተ!'
መግዛእቲ ባርነት ቤትና ዘጸልመተ
ፌስታ ኪገብሩሉ ብሕሩድ ብመስተ
ይጓየዩ ኣለዉ ጉጅለ *ሕለተ!

'መኸተ' እናበሉ'ወ ከከላብቱና
ርብዒ ዘመን ኮይኑ ዕድመ ባርነትና
*ፈያት ከይንምክት ኢድን ልብን ኳንና
ብምሕደራ ምልኪ ንጠፍእ ኣለና!

ብኩናት ብስደት መንእሰይ ኣጸኒቶም
ሃገርና ጌሮማ *ዛሬባ ናይ ቤቶም
ሃብታ እናገሓጡ ቅርዓታ ኣጸልሚቶም
ጓይላ እንተገበሩ ጽንብል ሕጽኖቶም
ንገባብል ሳሕል መን ኣሎ ዚሓቶም!?

እዚ ጥፍኣት ህዝቢ ናይ ዘበነ ገበል
ንመን'ዩ ኪብዓል? ብመን'ዩ ኪጽንበል?
ብጓይላን ጨፈራን ሓፋሽ ከይትታለል
ከም ገንሸል ፋሲካ ምስ ሓራዲ ኣይትዝለል
ካብ ጥፍኣት ድያብሎስ ኪትድሕን ተማህለል!

ነተን ዘምከንወን መንዚያም ዉላደን
ካብዘን ካብትን ኢለን ገንዘብ ኣዋሊደን
ኣብ ሸቕጥ ውዒለን ዘይመልኣ ከብደን
እናኣፋራርሑ ብማሕለኻ ኩፖን
ጽንብል ከማዕርጋ ኣብ ዳሰም ኣኹዲደን
ተኣከባ ኢሎመን ሸፋቱ ናይ ደንደን!

መሳኪን ኣደታት ደም እናነብዓ
ኩፖን ምምሕዳር መታን ከይምንዝዓ
ብመቕዘፍቲ ደቀን ከይተጻናንዓ
ኣብ ጓይላ ሸፋቱ ከይደን ክስዕስዓ!

እዚ ውጹዕ ህዝቢ ሓላዪ ዘይብሉ
ዳስ ሓዘን ኣፍሪሱ 'ሓዘነይ ዓጽየ' ኢሉ

ኣብ ጽንብላት ምልኪ እንተዘይዉዒሉ
ገንዘብዉን ንጓይላ እንተዘይከፊሉ
መሰሉ ይኽላእ ኩሎን ተመንጢሉ!

ኣንቲ ሃገር ስዉእ ሃገረ ኤርትራ
ኣሰሓኮ ዘይብሎም ናይ ሸፋቱ ጭፍራ
ነዚ ቅጥዒ ኣልቦ ናይ ጓሶት ምሕደራ
ነዚ ብርሰት ሃገር'ወ ምብትታን ስድራ
ጓይላ ኪገብሩሉ ናይ ደስደስ ዳንኬራ
ይዳለዉ ኣለዉ ፈጠርቲ መከራ!

ንሱ እንተዘይህሉ እቲ እኩይ ፍጥረት
ኤርትራ ሃገርና ኣበይ ምሃለወት?
ኣብ ጐደና ዕብየት እናተወንጨፈት
ናይ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብነት ምኾነት!

ብሰንኪ ሰይጣን ግን ጽቡቕ ዘይፈቱ
ሃገር ብምልእታ ቅርዓታ ጸልሚቱ
ቃድራ ጌሩዋ ሃገር ግራት ናይ ብሕቱ
ሲኦል ኮይናʼወ መሬት ናይ *ኣብሊስ ሕዛእቱ
ህዝባ ተበታቲኑ ናብ ስደት *ጻኢቱ!

መታን ኣብታ ስልጣን ንሕልፈት ክነብሩ
ሓደጋ ናይ ኲናት ወትሩ እናፈጠሩ
ህዝብና ኣጥፊኦሞ ኣብ ስደት ሰፊሩ
ክሳዕ መዓስ ኮንዩ መከራኦም ጸይሩ
ኣብ ስቓይ ኪነብር ብጓሂ ቀምሪሩ!?

ካቢነ መንግስቲ ምንም ከይሰምዑ
ሓደ ሰብ ንበይኑ ኲናት ኣባሪዑ
ህይወት ሰብ ዚበልዕ ሓዊ ወላሊዑ
ቅጫ ዘይጸገቡ ኣጥፊኡዎም ቈልዑ!

እቲ ቀይሕ ተመን ብዓል ተመኩሮ
ብሕጊ ከይቅየድ ፈጢሩ እምባጋሮ
መሬትናን ክብራን ብጓና ምስ ኣድፈሮ
ርብዒ ካብ መሬትና ባዕዲ ንኺሰፍሮ
ብኽብሪ ኪልመን ቅድም ዘይገበሮ
እዚ ኹሉ መንእሰይ ሓመድ ምስ ቀበሮ
በፊንጫ ፈሪሙ ትንፋስ ምስ ሓጸሮ!

ናይዚ ኩሉ ህልቂት ዝወረደ ዕንወት
ኣብ ሕጊ ቀሪቡ ደማሒ ከይሕተት
ናይዚ ኹሉ ክሳራʼወ ናይዚ ኹሉ ውርደት
ጀጋኑ ከሲሱ ብናይ ሃገር ክሕደት
ብዘይሕግን ፍርድን ናይ ወዲ ሰብ ክብረት
መቀኑሑ ኣሕቂቑዎም ደቀ'ባት ብሕስረት!

ጠንቂ ናይዚ ኹሉ መላኺ ክነሱ
ነቶም ጀጋኑና ንናዶው ዘፍረሱ
ነቶም ኣርካናትና'ውወ ፈንቅል ዝሃንደሱ
ግዳይ ምስ ገበሮም ብሓሶት ከሲሱ
ሓቂ ከይትዛረብ ዓጽዩዋ ዓቢሱ
ገበን ድሕሪ ገበን ወሲኹ መሊሱ
ልዕሊ ዓቕን ኮይኑ ዘይክእሎ ኪሒሱ!

ሕስምና ከይብእስ ምእንቲ ክንኪ
ወላዲት ክትስሕቕ ኣብ ክንዲ ትበኪ
ደሞክራሲ ኣንጊስኪ ምልክነት ቀቢርኪ
ሓንሳብ ንሓዋሩ ዓደይ ክሓልፈልኪ
ይኣኽለኒ በሊ ምሕደራ ናይ ምልኪ!

**ኤርትራና ክሓልፈላ፡ ስርዓት ምልኪ ንእለየላ!**

ሓውኹም መሲናስ 17/05/2016

<u>ትርጉም ዘይዝውቱራት ቃላት፥</u>

*ሕለተ= ሽለት፡ መስከብ
*ፈያት= ሽፋቱ
*ዛሬባ= ደምበ
*ኣብሊስ= ሰይጣን

Copyright © 2013 - 2016 www.snitna.com